## ሕግታት ብዛዕባ ጾታዊ-ባህርያት ንሰራሕተኛታት ሰብኣዊ ድሕነት

ሰራሕትኛታት ሰብኣዊ ድሕነት: **ንዘይቅቡል ጾታዊ ዝምድና ጠባያቶም ክቅጽዑ ወይ ድማ -ክባረሩ ይኽእሉ እዮም።** ክኽተልዎም ዝግባእ ሕግታት ድማ እዚኦም ዝስዕቡ **እዮም** ።

- ናይ ሰብኣዊ ድሕነት ሰራሕተኛታት **ምስ ዝኾነ/ት ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ምንም ዓይነት ጾታዊ ርክብ ዝምድና ክገብሩ ኣይፍቀዶምን እዩ፡ ዋላ ኣብ ሃገሮም ፍቑድ እንተኾነ።**ሰራሕተኛታት ዕድሚኣ/ኡ ኣይፈለጥክዎን እንዳበሉ ዘቅርብዎ ምኽኒት ቅቡል ኣይኮነን።
- ሰራሕተኛ ሰብኣዊ ድሕነት **ንጾታዊ ርክብ ብገንዘብ፣ ብስራሕ፣ ብኣገልግሎትይኹን ብጥረ ንብረት ክዕድጉ ኣይፍቀደሎምን**፡፡እዚ ጥረ ንብረትን ኣገልግሎትን፡ ሓገዝ ንዘድልዮም ሰባት ክወሃብ ዝተሓሰበናውትታትን ኣገልግሎትን ዘጠቓልል እዩ። ንህዝብታት ከዋርዶምን ክብዝብዞምን ዝገብር ባህርይ ክቅበሉ መታን ድማ ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ነገራት ከምዝህብዎም መብጽዓታት ክኣትዉ የብሎምን፡፡ እዚ ምስ ኣመንዝራታት ን ጾታዊርክብ ዝኸፈል ገንዘብን ህያብን የጠቓልል።
- ሰራሕተኛ ሰብኣዊ ድሕነት "መን ኣገልግሎትን ጥረ-ንብረትን ክረክብ?" ኣለዎ ኣብ ዝብል ውሳነ ጽልዋ ኣለዎም። እዚ ድማ ኣብ ልዕሊ እቶም ሐገዝ ዘድልዩም ሰባት ዓቢ ቦታ ይፈጥር። ብዚ ምክንያት, ትካላት ሰብኣዊ ድሕነት **ንኣባላቶም ምስ ግዳያት ሰብኣዊ ቅልውላው** ጾታዊ ዝምድና ከይፈጥሩ ብብርቱዕ የተባብዑ። እዚ ዓይነት ዝምድና ንንጥፈታት ሰብኣዊ ድሕነት ክብሩን ተኣማንነቱንዘጉድል እዩ።
- ዝኾነ ሰራሕተኛ ሰብኣዊ ድሕነት እንተድኣብዛዕባ ዝኾነካልእ ኣብቲ ዝሰርሓሉ ትካል ወይ ናይ ርዳእታ ትካል ዝሰርሕ ሰራሕተኛ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ሕግታት ወይ መምሪሒታት ጢሒሱ ከይከዊን **እንተተሻቒሉ ወይ ጠርጢሩ፡ናይግድን**ክከምቲ ብትካሎም ዝተዳለወ **ሐበሬታ መውህቢ ኣገባባት** ሐበሬታ ክህብ ይግባእ፡፡
- ሰራሕተኛታት ሰብኣዊ ድሕነት **ክፈጥርዎን ክዕቅብዎ ዘለዎም** ናይ ስራሕ ሃዋሁ ፡ ዘይቅቡል ጾታዊ ባህርያት ዝኸልክልን ንኣባላት ሰራሕተኛታት ከኣከምቲ ኣብ **ናይ ስነ ምግባር ደንቦም ዝተሓንፀፀ** እሩም ባህርያት ዘተባብዕን ክኸውን ይግባእ፡፡ **ኩሎም መራሕቲ ስራሕ ድማ** ከምዚ ዝኣምሰለ ናይ ስራሕ ከባቢ ዝዕቅብ ሃዋሁ ክድግፉን ነዚ ዘረጋግፅ ስርዓት ክዝርግሑን ሓላፍነት ኣለዎም።

ብዛዕባ ጾታዊ ምዝመዛን በደልን ዝገልጹ ብሕጊ ኣይዛክ ፍለጡ ጽሑፋት ኣብዚ ይርከብ፡
http://www.pseataskforce.org/uploads/tools/sixcoreprinciplesrelatingtosea_iasc_english.doc.
እዚ ብቅልል ዝበለ ቋንቋ ዝተዳለወ። ኣብ ሞንጎ IASC ጉጅለ ዕዮ ን"Accountability to Affected Populations and Protection from Sexual Exploitation and Abuse" ን " Translators without Borders" ብዝተገብረ ምትሕብባር ኢዩ።